ቅድሚ እቲ መርመራ ናይ ግድን **ቅድሚ እቲ ናይ ቆጸራ ሰዓትካ ምብጽሑ ን 6 ሰዓታት ክትጸውም (ብኻልእ ኣበሃህላ፣ ዝብላዕ ወይ ዝስተ ነገር ፈጺምካ ክትወስድ የብልካን)** ኣለካ።

***ጋስትሮስኮፒ* – ናይ ጎሮሮ፣ ከብዲን ቀዳማይ ቀጢን መዓንጣን ምርመራ እዩ።**
**እቲ መርመራ ከመይ እዩ ዝሰርሕ?**

ቅድሚ እቲ መርመራ፣ ኣብ ጎሮሮኻ መደንዘዝ ክግበረልካ እዩ፣ ድሕሪኡ ልስሉስ ትቦ ናብ ጎሮሮኻ ክስኳዕ እዩ፣ ብምቕጻል ናብ ከብዲን ቀዳማይ ቀጢን መዓንጣን ክወርድ እዩ። እዚ መርመራ እቲ ትቦ ከመይ ይኸይድ ከምዘሎ ብዘርኢ ናይ ተሌቪዥን ስክሪን ዝሕገዝ እዩ። ናይ ቲሹ መወከሲ ክውሰዱ ይኽእሉ እዮም።
ድሌትካ እንተኾይኑ መህድኢ ቃንዛ ክወሃበካ ይኽእል እዩ።

**እቲ መርመራ ክንደይ ግዜ ይወስድ?**
ባዕሉ እቲ መርመራ 5-10 ደቓይቕ ይወስድ።

**ድሕሪ እቲ መርመራ:**
ድሕሪ እቲ መርመራ፣ እቲ ኣብ ጎሮሮኻ ዘሎ መደንዘዚ ክሳዕ ስርሑ ዝውድእ  (> 30 ደቓይቕ) ዝብላዕ ይኹን ዝስተ ነገር ክትወስድ የብልካን።

***መህድኢ ቃንዛ ወሲድካ እንተኔርካ ድማ፣*** ኣብቲ ክሊኒክ መርመራ ምስተገብረልካ ቁሩብ ከተዕርፍ ኣለካ። ኣብታ መዓልቲ እቲኣ **ማኪና ወይ ካልእ ተሽከርካሪ ምዝዋር ኣይፍቀድን**። ድሕሪ እቲ መርመራ ብህጹጽ ናይ መጀመሪያ ደረጃ ውጽኢት ክወሃካ እዩ፣ ናይ ጽሑፍ ምላሽ ድማ ነቲ መወከሲ ዝጸሓፈሉ ሓኪም ክለኣኸሉ እዩ።

**እንቋዕ ደሓን መጻእካ!**